## *ክልተ ካብ ሚእቲ፡*

*ቅድሚ ምዝራብ ብዛዕባ ክልተ ካብ ሚእቲ፡*
*ኣለዋ ቃላት ሓቢረን ተዃዓዝቲ፡*
*ሓንቲ ዘይትፈለ ካብታ ሓንቲ፡*
*ተፋቒረን ዝነብራ መሳንይቲ።*

*ስመን ከላልየኩም ስምዑኒ ብትዕግስቲ፡*
*ቀዳመይቲ ጉቡ ተራኽብ ምስ መንግስቲ፡*
*ካልኣይቲ መሰል ዜጋ ዝሓፍሰላ ሃብቲ።*

*ጉቡኡ ዘይፈጸመ ነይሓትት መሰሉ፡*
*ሕጋዊ መስርሕ'ዩ ሃገራት ዝጥቀማሉ፡*
*ዓለም ብዓለሙ ኩሉ ዝሰርሓሉ።*

*ኣለዋ ዕስራን ሓሙሽተን ካብ ሚእቲ ዝብላ፡*
*ገለውን ሰላሳ ካብ ሚእቲ ዘኽፍላ፡*
*ኣለዋውን ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ሕገን ዘስፈራ፡*
*ንኤርትራ ግን ሕጋዊት ኣይኮነትን ተባሂላ።*

*እቶም ነዚ ዝቋወሙ መዕገርገርቲ፡*
*ኣብ ዝነብሩሉ ሃገር እሺ ኢሎም ተማእዘዝቲ፡*
*ኣብ ኤርትራ ምስ ኮነ ግን ዘጸልሙ መንግስቲ።*

*ገለውን ኣለዉ ብረት መግዝኢ'ዩ ዝብሉ፡*
*ምክልኻል ሃገር ሓይሉ ክለምስ ዝምህለሉ፡*
*መታን ዕላማ መወልቶም ኣብ ተግባር ከውዕሉ።*

*ክልተ ካብ ሚእቲ ኣይኮነን ናይ ሕልና፡*
*ዜጋታት ዘተኣሳስር'ዩ ምስ ሃገርና፡*
*ጉቡእ ስለ ዝኾነ ክንከፍል ኣሎና።*

*እንቢ ኢሉ ሓንጊዱ ዝሓከለ፡*
*የሎን ዝግድዶ ክፈል እናበለ፡*
*ይሓይሽ መሰል ከምዘይብሉ እንተስተውዓለ።*

*ሓታቲ ኣይተሳእነን ዝብል ኣብ ምንታይን ዊዒሉ፡*
*መልሱ ግን ንጹርዩ ንዘስተብሃለሉ፡*
*ንስድራ ሰማእታት ይምደብ ተኻፋፊሉ።*

*ገለ ከኣ ኣሎ መስሓቕ፡*
*ስእነትድዩ ወይስ ብቁ፡*
*ሰጋእ መጋእ ዝብል ብሓቂ።*

*ገለውን ኣሎ በዓል ሃብቲ፡*
*ርኹብየ ዝብል ተሚዳቲ፡*
*ንዓመታት ዘይከፈለ ክልተ ካብ ሚእቲ።*

*ካብ ኩሉ ግን ኣሎ ዝገደድ፡*
*መንግስቲ ክቕየርዩ ኢሉ ዝሓንገደ፡*
*ወይ ኣብዘሎኹዎ ይበሊ ኢሉ ነብሱ ዝፈረደ።*

*ክልተ ካብ ሚእቲ ኣይንጠምቶ ንረብሓና፡*
*ንብረት ስለ ዘየጥረኹ ኣይንበል ይሓይሽ ዓዲ ዓና፡*
*ኣብዚውን ኣይንነብርን ኢና ከይከፈልና።*

*ኣለዉ ጉርሒ ዝመስሎም ዓመጽቲ፡*
*ብስም ሓዎም ሓብቶም ዝገዝኡ ገዛውቲ፡*
*መታን ከይከፍሉ ክልተ ካብ ሚእቲ።*

*መንግስቲ ባሕሪዩ ከብዱ በዓል ትዕግስቲ፡*
*ንኹሉ ከርክበሉ'ዩ ስጉምቲ ብስጉምቲ፡*
*ቀጢፉ ዝሓድር የለን ዋላውን ሓንቲ ለይቲ።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር፡*